ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ዞባ ኣውሮጳ

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية
إقليم أوروبا

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT
Europe zone

# መግለጺ ሓዘን

ብዓርቢ ዕለት 13/01/2017 ጅግና ሓርበኛ ተጋዳልይ ኣቦ መንበርና ዶክተር ሃብተ ተሰፋማርያም ድሕሪ ነዊሕ ሕማም ብመስዋእቲ ተፈልዩና። መስዋእቲ ዶክተር ሃብተ ተስፋማርያም ሓደ ካብቶም ዓንድታት ናይ ሰውራና መራሒ ኮይኑ፡ ደላይ ፍትሕን ሓድነትን ዝኮነ ኣብዚ ጹንኩር ግዜ ኣዚና እንደልየሉ መድረኽ ገዲፉና ምካዱ ዓብይ ኽሳራ ንህዝቢ ኤረትራን ደምበ ተቃውሞ ብፍላይ ንኣባልት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኢዩ።

ዶክተር ሃብተ ተስፋማርያም ካብ ግዜ ንእስነቱ ኣትሒዙ ምእንቲ ህዝቡን ሃገሩን ንፍትሕን ዲሞክራሲን፡ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ማ'ከሉ ገይሩ ዘሕብን ታሪኽ ገዲፉልና ብጅግንነት ዝተሰወኤ መራሒና ኣብነት ብምኳኑ፡ ኣሰሩ ተከቲልና ንኹሎም ሱው'ኣትና ንዝገደፉልና ሕድሪ፡ ንኤርትራ ሃገርና ፍትሕን ዲሞክራስን ንምልባሳ ምስኩለን ሃገራውያን ማሓዙት ውድባት ኣትሪርና ኽንቃለስ ኢና።

ታሪኽ ጀግና መራሒና ዶክተር ሃብተ ተስፋማርያም ዓሚቅን ስፊሕን ስለዝኮነ ኣብ ዝመጽእ ግዜ ኣስፊሑ ብውድብና ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ክግለጽ ኢዩ፡

ኣብ መጨረሻ ንጅግና ሱውእ ኣቦ መንበርና ዶክተር ሃብተ ተስፋማርያም መንግስተስማይ የዋርሶ፡ ንኽብርቲ ብዓልቲ ቤቱ ብጸይትና ተቃላሲት ኣድያም ተኽሊት ምስ ኩቡራት ደቃን መላእ ስድራቤቶም፡ ከምኡ ዊን ንውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብሓፈሽኡ ንክሎም ደለይቲ ፍትሒ ደምበ ተቃዉሞ፡ ብፍላይ ን'ባልት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ጽንዓትን ኣካእሎ ይሃበና።

ዓወት ንህዝቢ ኤረትራ

ኽብርን ዝኽርን ንጀጋኑ ሱውኣትና

ሽማግለ ዞፓ ኤሮፓ

15/01/2017